# ደምዳሚ መግለጺ፡
# 6ይ-ስሩዕ ኣኼባ ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት
# ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) መበል 6ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ ካብ 22 ክሳብ 23 ለካቲት 2025 ዓ.ም. ኣካይዱ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡ ህሉው ዓለማዊ ኩነታት ገምጊሙ። ኣብ ሞንጎ ልዕለ ሓያላን መንግስታት ዝረአ ዘሎ ውድድርን ኣሉታዊ ሳዕቤኑን ኣስተውዒሉ። ኣብ ክሊ ዞባዊ ኩነታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ድማ ብፍላይ ተፈጢሩ ዝነበረ ዓሚቕ ፖሎቲካዊ ቅልውላው፡ ኣብ ህዝብታት'ቲ ከባቢ፡ ክወርድ ዝጸንሐ ከቢድ ጉድኣትን፡ ኣብ ልዕሊ ፍሊስጢማውያን ነበርቲ ቓዛ ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋን ገምጊሙ። መንግስታትን ማሕበረ ሰብ ዓለምን፡ ህዝቢ ፍልስጤም ነባሪ ሰላም ረኺቡ፡ ኣብ መረበቱ ዝነብረሉ ኩነታት ንምፍጣር ብዕቱብነት ክሰርሑ ኣዘካኺሩ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡ ከባብያዊ ኩነታት ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብታትናን ዘለዎ ጽልዋ፡ ሰፊሕን ዓሚቕን ዘተ ኣካይዱ። ኣብ ሱዳን ዝምዕብል ዘሎ ሓድሽ ኩነታት ተመልኪቱ። ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ፡ ምስ ከባቢኣ ዝረአ ዘሎ ዝምድናን፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብታትናን ዘለዎ ጽልዋ ብዕምቆት ፈቲሹ። ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ምስ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ መስሪቱዎ ዝነበረ ዝምድና፡ ካብ ጽባሕ ስምምዕ ፕሪቶርያ እናላሕለሐ ከይዱ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ናብ ሕድሕድ ምክሳስ ደይቦም፡ ጽልኦም ናብ ዝበረኸ ደረጃ ይድይብ ምህላዉ ኣስተውዒሉ። እዚ፡ ዝበኣሰ ናይ ኲናት ሓደጋ ከስዕብ ዝኽእል ሕድሕድ ምውንጃል፡ ኣብ ልዕሊ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርናን መጻኢ ዕድል ህዝብታትናን  ዘዕርፎ ጽልዋ ቱኽረት ሂቡ ተመያይጡ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈትና፡ ንህሉው ሃገራዊ ኩነታትና ብዝምልከት፡ ብሰፊሑን ብዕምቆትን ተመያይጡ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ መጻኢ ተስፋ ህዝብታትና ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ክድይብ እናገበረ ዝመጸ ምኺኑ ገምጊሙ። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ጠበቓ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርና ክኸውን፡ ባህሪኡ ከምዘይፈቕደሉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሕልሚ ወደባትናን ኣፍደገ ባሕርናን ዝነበሮም ሓይልታት፡ ዳግም ሂወት ክዘርኡ ዝገበረ ብምዃኑ፡ ኣብ ምዕቃብ ሃገር ይኹን ድሕነትን ቀጻልነትን ህዝብታትና ኣብ ምርግጋጽ፡ እንኽተሎ ፖሊሲ፡ ዝላዓለ ጥንቃቐን ተባላሓትነትን ከምዘድልዮ ተገንዚቡ። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ዝነበሩዎ ሃርጓም ሕልምታት፡ ኣብ መስርሕ መኺኖም፡ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ሓደጋ እናወደቐ ብምኻዱ፡ ጠበቓ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ብምምሳል፡ ኣብ ዕድሚኡ ሙሉእ ዘኪሩዎ ዘይፈልጥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ጭፍጨፋ፡ ካብ ዝኣረገ ከብሒ መዚዙ፡ 'ኣይረሳዕናዮን' ብምባል፡ ክተት ተኣንጎት ይብል ምህላዉ ተገንዚቡ።

ስለዝኾነ'ውን፡ ቀንዲ ቱኽረት ዲሞክራስያዊ ተጋድሎና ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስን መጋበርያታቱን ከቕንዕ ከምዘለዎ ኣቐሚጡ። እዚ ቀንዲ ዕማም'ዚ ኣብ ምዕዋት፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ልዑላውነትን ነጻነትን ሃገርና፡ ኣብ ሓደጋ ብዘየእቱ መንገዲ ክፍጸም ከምዘለዎ ድማ፡ ኣስሚሩሉ።

ህዝብታትና ካብ ወሪዱዎም ዘጸንሐ ከቢድ ማዓት ጥራሕ ዘይኮነስ ኣንጻላልዩዎም ካብ ዘሎ ሓደጋ ጽንተት ንምድሓን፡ ናይ ፖሎቲካዊ ውድባት ኤርትራ ተራ ዕዙዝ ምዃኑ ኣቐሚጡ። ስለዝኾነ'ውን ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ(ፖሓኤ) ምስ ካልኦት ፖሎቲካዊ ግንባራትን ጽላላትን ጀሚሩዎ ዝጸንሐ ዘተ ብዘይምሕላል ክቕጽሎ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቡ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡ ፖሎቲካዊ ባህርያት፣ ገምጋማት፣ ፖሎቲካዊ ኣረኣእእያታትን ተሞኩሮን ኣብ ባይታ ዝርከቡ ደለይቲ ለውጢ ፖሎቲካዊ ውድባት ይኹኑ ጽላላት ሃገርና፡ ዝተፈላለየ ምዃኑ ይግንዘብ፤ ስለዝኾነ'ውን ኩሎም ዓቕምታትና ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ብምቕናዕ፡ ናብ ሰላማዊ መሰጋገሪ መድረኽ ንምብጻሕ፡ ኣብ'ቶም ዘራኽቡና ዕላማታት፣ መትከላትን ፖሊሲታት ጥራሕ ብምትኳር፡ ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ንምብጻሕ ቱኽረት ክህቡ ኣዘኻኺሩ። ነብሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ፖሎቲካዊ ውድብ፡ ተዋሃሂዱ ዘካይዶ ጸረ ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ቃልሲ፡ ንሓባራዊ ዓወት ዘሳልጥ፣ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ብነጻን ሰላማውን ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ እምነታቱ ናብ ህዝብታትና ከስርጽን ዕድል ተዓዋታይነቱ ይኹን፡ ከም ውድብ ኣብ ዓውዲ ፖሎቲካ ኤርትራ ቀጻልነቱ ከውሕስን ዘብቅዖ ምዃኑ ብምእማን፡ ፖሎቲካዊ ፍልልያትና ዘማሓደሩሉ  ናይ ቃልሲ መርሆ ምኽታል ከምዘድሊ፡ ኣጽንኦት ሂቡ ኣዘኻኺሩ።

ፖሎቲካዊ ቤት ጽሕፈትና፡ ምስ ፖሎቲካዊ ምንቅስቓሳት ኤርትራ ብምትእስሳር፡ ቱኽረት ሂቡ ዝዝተየሉ፡ ህሉው ኩነታት ማዕበላዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራው-ብርጌድ ንሓመዱ ብዝምልከት እዩ። ደለይቲ ለውጢ መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ጽላል ብርጌድ ንሓመዱ ተኣኻኺቦም፡ ታሪኽ ዘይርስዖ ቅያ ከምዝፈጸሙ ጽኑዕ እምነቱ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ'ውን፡ ዓቕምታቶም ንምጥርናፍን ጽልወኦም ንምስፋሕን ዘካይዱዎ ዘለዉ ጻዕሪ፡ ብኣወንታ ከምዝምልከቶ ኣነጺሩ። ይኹን'ምበር፡ ምንቅስቓስ መንእሰያት ብርጌድ ንሓመዱ፡ ገና ኣብ ክሊ ንጹር ዕላማ፣ መትከላትን ፖሊሲታትን ተጠሚሮም፡ ኣብ ክሊ ምእኩል ኣሰራርሓ ተወዲቦም ዝቃለሱሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር፡ ሓያል ምርብራብ ከምዝሓቶም ርእዩ። ካብ ተሞኩሮና ከምዝተማሃርናዮ፡ ኣብ ንጹራት ፖሎቲካዊ እምነታትን መቐየዲ ሕግታትን ዘይተወደበ፡ ሰፊሕ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ፡ ድሌታቱን ባህግታቱን ከዐውት፡ ከቢድ ፈተና ከጋጥሞ ስለዝኽእል፡ ልዑል ቱኽረት ሂቡ፡ ተረጋጊኡ ዓቕምታቱ ክውድብን፡ ብንጹር ኣንፈት ክጓዓዝ ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቡ። ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራን፡ ካልኦት ውድባትን ጽላላትን ኤርትራውያን፡ ነዚ ሞቶር ናይ ለውጢ ዝኾነ መንእሰይና፡ ጉዕዞ ቃልሱ ኣማእዚኑ፡ ንቕድሚት ዝምረሸሉ ኩነታት ኣብ ምምድማድ፡ ኣወንታዊ ተርኦም ክጻወቱ ጸዊዑ። ውድብና ሰደግኤ፡ ብዘለዎ ዓቕሚ ኣወንታዊ ተርኡ ክጻወት ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡ ነቶም ኣብ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ዝተሓንጸጹ  ሓፈሻዊ መደባት ሙርኩስ ብምግባር፡ ኣብ መስርሕ ዝርከቡ ዕማማትና ንምምላእን፡ ተወሰኽቲ ሓደስቲ መደባት ብምሕንጻጽን፡ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡ ኣብ መስርሕ ኣኼባ እናሃለወ፡ ብዝበጽሖ መርድእ መስዋእቲ ብጻይና ተስፉስላሲ ገብረኣምላኽ(ወዲ-ቀሺ) መሪር ሓዘን ዝተሰመዖ ኮይኑ፡ ንስድርኡ፣ ቤተ-ሰቡን፣ ናይ ቃልሲ ብጾቱን ኣዕሩኽቱን፡ ጽንዓት ኣኻእሎን ተመንዩ።

ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና፡ ጽንኩራት መድረኻት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፣
24 ለካቲት 2025 ዓ.ም.